

# ዓባይ ሰዓል እንታይ እዩ?

## ሓበሬታ ንሕሙማት

## ዝርዝር ዛዕባ


**መእተዊ**

**1 ዓባይ ሰዓል - ብሓፈሽኡ**
- *1.1 ዓባይ ሰዓል እንታይ እዩ?*
- *1.2 ዓባይ ሰዓል ተላባዒ ድዩ ኣብ ዝኾነ ግዜ?*
- *1.3 ብኸመይ ክትልበዕ ተኽእል?*
- *1.4 ዓባይ ሰዓል ብኸመይከ ትከላኸላ?*
- *1.5 ዓባይ ሰዓል ምስ ዝሕዘካ እንታይ ይስምዓካ?*
- *1.6 ዓባይ ሰዓል ከም ዝሓዘካ ብኸመይ ትፈልጥ?*

**2 ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል**
- *2.1 እንታይ ማለት እዩ ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል?*
- *2.2 እንታይ ስጉምትታት ኢኻ እትወስዶም እንተደኣ ተለቢዕካ ብዓባይ ሰዓል?*
  - *ስነ-ጥዕና ምስዓል*
  - *ምጥቃም መድሃኒት*
  - *ምእላይ ምስ በጻሕቲ*
  - *መርመራ ምስ እትራኸቦም*

**3 ካብ ሳንቡእ ወጻኢ ዓባይ ሰዓል**
- *ዓባይ ሰዓል ካብ ሳንቡእ ወጻኢ እንታይ እዩ?*
  - *ዓባይ ሰዓል ሱር ዕያገነዳ*
  - *ናይ ኲሊት ዓባይ ሰዓል*
  - *ዓባይ ሰዓል ዓንዲ ሕቆ - ወይ ዓጽሚ*

**4 ክንክን**
- *4.1 ብግቡእ ክትከናኸና ተኽእል ዶ ዓባይ ሰዓል?*
- *4.2 ናይ ግድን ድዩ ኣብ ሆስፒታል ክኣቱ ዘሎኒ?*
- *4.3 እንታይ ዓይነት መድሃኒታት ኣሎ?*
- *4.4 ብዛዕባ ምጥቃም መድሃኒት እንታይ ክፈልጦ ይግባእ?*
- *4.5 እንታይ እዩ ብዝሒ ዝርኣይ ጎናዊ ሳዕቤን/ ስምዒት ሕማም?*
- *4.6 ጽቡቑ ይስመዓኒ ኣሎ።*
  *ናይ ግድን ድዩ ነቲ መድሃኒት ክወስድ ዘሎኒ?*
- *4.7 ንነኣሽቱ ቆልዑት ብኸመይ ተገይሩ እዩ ክንክን ዝግበረሎም?*

**5 ግብራዊ ሓበሬታ**
- *5.1 ሕቶ ዶ ኣሎካ?*
- *5.2 ኽ.ኽ.ደ. (GGD) እንታይ ይገብሩ?*
- *5.3 ማሕበራዊ ነርስታት ናይ ኽ.ኽ.ደ. (GGD) እንታይ ይገብሩ?*


KNCV TUBERCULOSIS FOUNDATION

To eliminate TB

# መእተዊ

**ሓኪምካ ብግቡእ ኣረዲኡ ሓቢሩካ ንስኻ ክንክን ናይ ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ክትጅምር ከም ዝኾንካ።**
**ኣብዚ ጽሑፍ ሓበሬታ እዚ ንብዙሕ ሕቶታት ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል ከምኡ'ውን ክንክን ዝምልከት መልሲ ትረክብ።**

**ነዚ ጽሑፍ ሓበሬታ እዚ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ምንባብ ኣየድልየካን እዩ። እንታይ ደኣ ነቲ ዘድልየካ ሓበሬታ ኣብታ ዘድለየትካ ግዜ ተንብባ። ነዚ ከኣ ነቲ ዝርዝር ዛዕባ ትዕዘብ።**

## ርጉጽ ነገር ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል

- ዓባይ ሰዓል ኣብ ምሉእ ዓለም ክርከብ ዝኽእል እዩ።
- ኣብ ምሉእ ዓለም ብሰንኪ ዓባይ ሰዓል ዓመታዊ ሓደ ሚልዮንን ፈረቓን ሰባት ብሞት ይፍለዩ።
- ዓባይ ሰዓል ሓደገኛ ሕማም እዩ፡ እንተኾነ ግና ብመድሃኒት ብስርዓት ክትሓዊ ትኽእል።
- ዓባይ ሰዓል ብጠንቂ ባክተርያ ዝመጽእ ሳዕቤን እዩ።
- ዝኾነ ሰብ ዓባይ ሰዓል ክሕዞ ይኽእል።
- ብብዝሒ ዝርኣይ ዓይነት ዓባይ ሰዓል ናይ ሳንቡእ- ዓባይ ሰዓል እዩ።
- ከምኡ እውን ዓባይ ሰዓል ኣብ ካልእ ክፋል ኣካላት ክርኣይ ይኽእል።
- ተላባዕን ዘይላባዕን ዓይነት ዓባይ ሰዓል ኣለው።
- ነቲ ዝተኣዘዘልካ ሕክምናዊ ክንክን መድሃኒት ክትውድኦ ወሳኒ እዩ።

## 1 ዓባይ ሰዓል - ብሓፈሻኡ

*1.1 ዓባይ ሰዓል እንታይ እዩ?*
ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ተላባዲ ሕማም ረኽሲ እዩ። እዚ ተላባዲ ረኽሲ እዚ ብጠንቂ ባክተርያ ዝመጽእ ሳዕቤን ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ኣካላት ይኣትዉ። ኣብ ቲቢ እቲ ጠንቂ ብናይ ዓባይ ሰዓል ባክተርያ እዩ። ምናልባት እውን ንስኻ ብኸመይ ነቲ ናይ ቲቢ- ረኽሲ ከም ዘጓነፈካ
ኣይተፈልጥን ትኸውን። እዚ እውን ቅድሚ ነዊሕ ግዜ ክኸውን ይኽእል ወይደማ ቅድሚ ሓጺር ግዜ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ባክተርያ እውን ኣብዚ ግዜ እዚ ኣብ ውሽጥኻ ንጡፍ ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ከኣ ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣሎካ።

ዝኾነ ሰብ ዓባይ ሰዓል ክሕዞ ይኽእል፡ ዕድሚኡ፣ ዓሌት ወይ ከኣ ጾታ ብዘየገድስ።

እዚ ሕማም እዚ ኣብ ኩሉ ኣካላትና ክርእ ይኽእል እዩ። እቲ መብዛሕትኡ ዝርአ ዓይነት ዓባይ ሰዓል ናይ ሳንቡእ - ዓባይ ሰዓል እዩ።

*ምልባዕ (ረኽሲ)፣*
*እቲ ጀርም ናይ ዓባይ ሰዓል ኣብ ውሽጢ ኣካላትካ ኣትዩ ኣሎ።*
*ተላባዒ (ነድሪ ረኽሲ)፣*
*እቲ ባክተርያ ናይ ዓባይ ሰዓል የስዕለካ።*

*1.2 ዓባይ ሰዓል ኩሉ ግዜዶ ይላባዕዩ?*
ኣይኮነን፡ ዓባይ ሰዓል ካብ ሳንቡእ ወጻኢ ተላባዲ ኣይኮነን። ዓባይ ሰዓል ኣብ ውሽጢ ሳንቡእ ግና ተላባዲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

*1.3 ብኸመይ ክትልባዕ ትኽእል?*
ዓባይ ሰዓል ዳርጋ ኩሉ ግዜ ብኣየር ገይሩ እዩ ዝመሓላለፍ።

እንተደኣ ሓደ ዝሓመመ ብተላባዲ ዓይነት ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል ይስዕሉ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ናይ ዓባይ ሰዓል ባክተርያ ካብ ሳንቡእ.

ናብ ደገ ወጺኦም ይስዕሉ። እንተደኣ ካልእ ነዚ ባክተርያ እዚ ኣስተንፊስዎ፡ ብእኡ ከኣ ንሱ/ ንሳ ክልባዕ ይኽእሉ እዮም። እዚ ባክተርያ እዚ ኣብ ሳንቡእ ወይ ከኣ ኣብ ካልእ ክፋል ኣካላት ይኣትዉ። መብዛሕትኡ ግዜ እውን እቲ ኣካላት ነቲ ባክተርያ ዝኾነ ዓይነት ጉድኣት ከየውርድ ይከናኸን። እቲ ኣካላት እውን ነቲ ባክተርያ ከም ጥቕላል ገይሩ ይሕዝ በዚ ከኣ ከም ዘይነጥፍ ይገብሮ። ነዚ ክንብል ከሎና ከኣ እቲ ባክተርያ ናይ ብሓቂ 'ዝደቀሰ' (ዘይንጡፍ) ይኸውን። በዚ መሰረት ከኣ 'ተሰካሚ' እቲ ባክተርያ ትኸውን። እዞም ሰባት እዚኣቶም ሓሚሞምን ዘተሓላልፉን ኣይኮኑን። እንተኾነ ግና ተሰካሚ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኣብ ህይወቱ/ ታ ክሓሙ ይኽእሉ። እቲ ባክተርያ እውን 'ይበራበር' (ንጡፍ) ይኸውን። በዚ ከኣ (ከም ብሓድሽ) ዓባይ ሰዓል ይለዓል።

- *እቲ ተላባዒ ዓይነት እውን ቅሉዕ ዓባይ ሰዓል ተባሂሉ ይጽዋዕ።*

- *እቲ ዘይላባዕ ዓይነት እውን ዕጽው ዓባይ ሰዓል ተባሂሉ ይጽዋዕ።*

*ረኽሲ ዓባይ ሰዓል በዚ ዝስዕብ ዓይነት ኣይተሓላለፍን እዩ፤*
- *ብናይ ካልኦት ሰባት ሽሓኒ፣ ማንካ/ ፉርኬታ፣ ክዳን፣ መጽሓፍ፣ ኣንሶላን ወዘተ።*
- *ብኢድ ሰላምታ ምልውዋጥ*
- *ስጋዊ ርክባት ምግባር*
- *ደም ብደም ርክባት*

*ረኽሲ ቲቢ በዚ ዝስዕብ ዓይነት ክመሓላለፍ ይኽእል፤ ብምስዓል፣ ሕንጥሾ ወይ ከኣ ጥፍጣፍ ናይ ሓደ ቅሉዕ ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ሰብ*

*1.4 ብኸመይከ ዓባይ ሰዓል ትከላኸላ?*

ኣብዚ እቲ ወሳኒ ነገር እውን ተላባዒ ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል ዘለዎም ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ተጸልዮም ብእኡ ከኣ ክንክን ክገብሩ ይግብኦም።

ስነ- ጥዕና ብግቡእ ምክንኻን ኣድላይ እዩ። ብስርዓት ምስዓል ስነ-ጥዕና ክበሃል ከሎ ከኣ ኢድካ ኣብ ኣፍካ ገርካ መንዲል ወረቀት ተጠቒምካ ከምኡ’ውን ርእስኻ ደኒንካ ምስዓል ማለት እዩ።

*1.5 ዓባይ ሰዓል ምስ ዝሕዘካ እንታይ ይስምዓካ?*
ብዙሕ ግዜ ዝርኣይ ዓይነት ስምዒት ሕማም፤

- ድኻም
- ድልየት መግቢ ምጕዳል
- ሚዛን ክብደት ምጕዳል
- ረስኒ
- ረሃጽ ለይቲ

ዝኾነ ሰብ ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል ዘለዎ ብዙሕ ግዜ ንነዊሕ ከየቋረጸ የስዕሎ ከምኡ’ውን የምልሶ (ሓደ-ሓደ ግዜ ሓውሲ ደም) ዓኽታ።

*1.6 ዓባይ ሰዓል ከም ዝሓዘካ ብኸመይ ትፈልጥ?*



ብቱበርኩሊን- መርመራ ቆርበት ክውስንዋ ከለዉ

ዓባይ ሰዓል በዚ ዝስዕብ ዓይነት መንገዲ ክፍለጥ ይኽእል፤

- ብመንገዲ መርመራ ቆርበት፡ ቱበርኩሊን-መርመራ ቆርበት (መርመራ ማንቶክስ) ተባሂሉ ዝጽዋዕ። እዚ መርመራ ቆርበት እዚ ነቲ ረኺሲ ብቱበርኬል- ባክተርያ የረጋግጹ። እቲ ውጽኢት መልሲ እውን ካብ 2 ክሳብ 3 መዓልቲ ዘሎ ግዜ ይውሰን። እንተደኣ ዝኾነ ዓይነት መልሰ ተግባር ተራእዩ እውን ቀጻሊ መርመራ ኣድላይ ይኸውን።
- ብመንገዲ ራጂ ናይ ሳንቡእ ምግባር። ኣብቲ ናይ ሳንቡእ ስእሊ እውን ክርኣይ ይከኣል እንተደኣ ዝኾነ ዓይነት ጸገም ኣልዩ። እንተደኣ ከምዚ ኮይኑ ድማ ዓባይ ሰዓል ኣለዎ ማለት ይኸውን።
- ብመንገዲ ማይክሮስኮፕ መርመራ፡ ንምሳለ ዓኽታ፣ ሽንቲ ወይ ከኣ ኣካሊት። በዚ ዓይነት መንገዲ እውን ሓደ-ሓደ ግዜ ብቕልጡፍ ክፍለጥ ይከኣል እንተደኣ ባክተርያ ዓባይ ሰዓል ኣልዩዎ ኮይኑ።
- ንምሳሌ ኣብ መዕበይ ገርካ ወይድማ ዓኽታ፣ ሽንቲ ወይ ከኣ ኣካሊት። ባክተርያ ቲቢ ቀስ ብቐስ እዮም ዝበዝሑ። በዚ ዓይነት እውን ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ ቅድሚ እቲ ውጽኢት ናይቲ መርመራ ንምርግጋጽ። እዚ እውን እንተበዝሐ ሰለስተ ወርሒ ይወስድ።

# 2 ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል

*2.1 እንታይ ማለት እዩ ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል?*
ኣብ ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል እቲ ተሪር- ነድሪ ኣብ ሳንቡእ ንጡፍ ይኸውን። እዚ ከኣ ዝኾነሉ ምኽንያት እቲ ንውሽጢ ዝተተንፈሰ ባክተርያ ዓባይ ሰዓል ኣብ ሳንቡእ ኣጣጢሑ ሰፊሩ ስለ ዘሎ እዩ። እዚ እውን ኣስዒቡ ነድሪ ይገብር። ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ነኳል ይፈጥር ኣብ ኣካሊት ናይ ሳንቡእ። ኣብዚ ክልተ ዓይነት ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል ኣለው፤ እዚ ከኣ ተላባዒ ወይ ከኣ ዘይላባዕ ዓይነት ተባሂሎም ይጽውዑ።

እንተደኣ እቲ ተሪር- ነድሪ ዓቢ ኮይኑ፡ እቶም ባክተርያታት ብብዝሒ ተባዚሖም ኣለው ማለት እዩ። እዞም ባክተርያታት እዚኣቶም እውን ብቐሊሉ የስዕሉኻ። እዚ ክበሃል ከሎ ከኣ ንኣከባቢኻ ክትልብዕ ትኽእል ማለት እዩ። እንተደኣ እቲ ተሪር- ነድሪ ንእሽቶይ ኮይኑ፡ እትስዕሎ እውን ውሑድ ቀሊልን ባክተርያ ይኸውን ከምኡ’ውን ውሑድ ወይ ከኣ ፈጺሙ ተላባዒ ዘይኮነ ትኸውን ንኻልኦት።

ፍሉይ ዓይነት ከኣ ዓባይ ሰዓል ነድሪ ሽፋን ሰደራ ይበሃል። ኣብዚ ከኣ ጠሊ ኣብ መንጎ ጸምሪ-ሳንቡእ ይህልው። መብዛሕትኡ ግዜ ገለ ሰባት ብነድሪ ሽፋን ሰደራ ትንፋስ ሕጽረት ከምኡ እውን ብዙሕ ቃንዛ ይገብረሎም ከተንፍሱ ከለው። ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ነቲ ጠሊ ነኳል ተገይሩ የውጽእሎም። ከምዚ ዓይነት ዓባይ ሰዓል እውን ዝላባዕ ኣይኮነን። ዓባይ ሰዓል ነድሪ ሽፋን ሰደራ እውን ሓጺር ግዜ እዩ ዝጸንሕ ኣብ መንጎ ምልባዕን ምሕማምን ነዚ ሕማም እዚ። ስለዚ ከኣ እዩ ኣድላዪ መርመራ ምግባር ነቲ ምንጪ ናይቲ ምልባዕ ንምፍላጥ። ከምኡ’ውን ካልኦት ሰባት ተለቢዖም ከይኮኑ ንምልላይ።

*2.2 እንታይ ስጕምትታት ኢኻ እትወስዶም እንተ ተለቢዕካ ብዓባይ ሰዓል?*
ኣብዚ ኣድላዪ እዩ ዝተወሰነ ስጕምትታት ምውሳድ። እቲ ስጕምቲ እውን ክሳብ ተለቢዕካ ዘሎኻሉ ግዜ ዘገልግል። ድሕሪ ዝተወሰነ ሰሙናት መድሃኒት ምጥቃምካ መብዛሕትኡ ግዜ እውን ክትልብዕ ኣይትኽእልን ኢኻ።

- **‘ብስነ-ስርዓት’ ስዓል**

ዓባይ ሰዓል ካብ ኩሉ ብምስዓል እዩ ዝመሓላለፍ። ስነ- ጥዕና ብግቡእ ምክንኻን እውን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ምትሕልላፍ ናይ ቲቢ ባክተርያ ብግቡእ ይከላኸለልካ። ብስርዓት ምስዓል ስነ- ጥዕና ክበሃል ከሎ ከኣ ኢድካ ኣብ ኣፍካ ገርካ መንዲል ወረቀት ተጠቒምካ ከምኡ’ውን ርእስኻ ደኒንካ ምስዓል ማለት እዩ። ኣብ ገለ ኩነታት እውን ብመሸፈኒ ማስኬራ ነፍንጫን- ኣፍን ምግባር ጠቓሚ እዩ።



- **ምጥቃም መድሃኒት**

ብዛዕባ እዚ ኣብ ገጽ 5 ተመልከት። ኣብዚ ከኣ እንታይ ዓይነት መድሃኒት ከም ዘሎ ይገልጽ፡ ንኸንደይ ግዜ መድሃኒት ክትወስድ ከም ዘሎካ ከምኡ'ውን ጎናዊ ሳዕቤኑ ይሕብር። መብዛሕትኡ ግዜ ተሓጋጋዚ ይግበረልካ ኣብ ግዜ ምውሓጥ መድሃኒት ብማሕበራዊ ነርስታት ወይ ከኣ ካልኦት ተሓጋገዝቲ።

መብዛሕትኡ ግዜ ንዝተወሰነ ሰሙናት ድሕሪ ምጅማር እቲ መድሃኒት እውን ተላባዒ ኣይትኸውንን።

- **ኩነታት ንመርመራ**

ሰባት (ዓበይትን ቆልዑትን) ቀጽሚ ምሕማምካ ነዚ ሕማም እዚ መዓልታዊ እትራኸቦም እውን መብዛሕትኡ ግዜ ከም ቀደምካ ክትርእዮም ትኽእል ኢኻ። ካብኣቶም ክትርሕቐ ኣየድልየን እዩ ከምኡ እውን ንሳቶም ኣይርሕቑኻን። እንተኾነ ግና ኣድላይ እዩ ኣብ ከባቢኻ ምስ ካልኦት ሰባት ርክብካ ውሱን ክትገብር። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ እኩባት ሰባት ዝርከብሉ ቦታ ዘይምኻድ። ከምኡ'ውን ምስ ሕጻውንቲ ቆልዑትን ንኣሸቱን ኣብዚ ግዜ እዚ ምርኻብ እንተ ኣቛረጽካዮ ይምረጽ።

እቶም ሰባት ንዓኻ ክበጽሑ ዝመጹ፡ ንምሳለ ማሕበራዊ ነርስታት፡ ሓደ-ሓደ ግዜ ብመሸፈኒ ማስኬራ ነፍንጫን- ኣፍን ብምግባር ይከላኸሉ።


- **ሆስፒታል**

ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ኣብ ሆስፒታል ዓራት ሒዝካ ክትድቐስ የድልዩ። ዝኾነ ሆስፒታል እውን ስርዓት ሕገ ናይ ምክንኻን ሰባት ብተላባዒ ዓባይ ሰዓል ዝተለብዑ ኣለዎም። በዚ መሰረት ከኣ ኣድላይ እዩ ንስኻ ነቲ ስርዓት ሕጊ ኣኽቢርካ ክትከይድ።

- **ርክብ መርመራታት/ ምንጪ መርመራ**

ሰባት ኣብ ዝሓለፈ መወዳእታ መዓልትታት ብዙሕ ግዜ ትራኸቦም ዝነበርካ መርመራ ዓባይ ሰዓል ክገብሩ ይግብኦም። እዚ ከኣ ርክብ መርመራ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቶም ማሕበራዊ ነርስታት ናይ ኸ.ኸ.ደ. (GGD) እውን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ይሕብሩኻ ከምኡ'ውን ይሓቱኻ ኣብ ዝሓለፈ ግዜታት ምስ መን ርክባት ከም ዝነበረካ (ኣብ ርክብ መርመራታት ዝብል ጽሑፍ እውን ተመልከት)። ከምኡ'ውን ርክብ ምስ ሕሙማት ዘለዎም ሰባት ይምርመሩ ብመሰረት ኣገባብ ዓንኬል። እዚ ክበሃል ከሎ ብመጀመርያ እቶም ብቐረባ ምሳኻ ርክብ ዘለዎም ማለት ይኸውን። እንተደኣ ኣብኡ (ብብዝሒ) ረኽሲ ተራእዩ ኮይኑ፡ ብእኡ መሰረት ከኣ እቲ መርመራ ይሰፍሕ ናብ ውሑድ ርክብ ዘለዎም ምሳኻ። ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ብመርመራ ክብጻሕ ይከኣል፡ ብመን ከም ዝተለባዕካ ንምፍላጥ። እቲ ዕላማ ከኣ ንምክልኻል ንካልኦት ሰባት ከይልብዑ እዩ። እዚ ከኣ ምንጪ መርመራ ኢልና ንጽውዖ። ኣብዚ ከኣ ኸ.ኸ.ደ. (GGD) ነዚ ጉዳይ እዚ ብምስጢር እዩ ዝሕዞ ነቲ ናትካን ናይ ካልኦትን ዝርዝር ሓበሬታ።

ብቱበርኩሊን- መርመራ ቀርበት ክውስንዋ ከለዉ




# 3 ቲቢ ካብ ሳንቡእ ወጻኢ

*ዓባይ ሰዓል ካብ ሳንቡእ ወጻኢ ማለት እንታይ ማለት እዩ?*

እታ ዓባይ ሰዓል ካብ ሳንቡእ ወጻኢ ከኣ እቲ ባክተርያ ቲቢ ብደም ከምኡ'ውን ሱር ዕያገነዳ ኣብ ካልእ ኣካላት ይኣትዉ። እቶም ባክተርያታት ከኣ ኣብኡ ረኽሲ ይፈጥሩ።

ዓባይ ሰዓል ከጋጥሙኻ ዝኽእሉ ገለ ቦታታት እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ፤

ሱር ዕያገነዳ፣ መላግቦ ኣካላት፣ ኩሊት፣ ሓንጎል፣ ዓንዲ ሕቆ፣ ኣዕጽምቲ፣ ማሕጸን፣ ማህደር- እንቛቑሖ፣ ጽኪ፣ መዓንጣ፣ ከርሲ።

መብዛሕትኡ ግዜ እውን ኣጸጋሚ ይኸውን ዓባይ ሰዓል ካብ ሳንቡእ ወጻኢ ንኽትርከብ። ከምዚ ዓይነት ዓባይ ሰዓል እውን ዳርጋ ተላባዒ ኣይኮነን።

እቶም መብዛሕትኡ ግዜ ዝርኣዩ ዓይነት ዓባይ ሰዓል ካብ ሳንቡእ ወጻኢ እውን ብሓጺር ንሕብር።

- **ዓባይ ሰዓል ሱር ዕያገነዳ**

ዓባይ ሰዓል ሱር ዕያገነዳ ኣብ ክሳድ፣ ቴሽቴሽ ወይ ከኣ ረቓዊቶን እዩ ዝርኣይ። እቲ ሱር ረኽሲ ይገብርን ይሓብጥን ከምኡ'ውን ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ጠሊ ይርኣይ።

ኣብዚ ከኣ ነቲ ቁስሊ ብፋሻ ገርካ ክትሸፍኖ ትኽእል ኢኻ። ሓደ-ሓደ ግዜ እውን እቲ ሱር ኣብ ግዜ ክንክን ሕክምና ግዜኣዊ ሕበጥ ይገብሩ።

ኣብዚ ከኣ ዘተሓሳስብ ነገር የብልካን።

- **ናይ ኩሊት ዓባይ ሰዓል**

ዓባይ ሰዓል ኣብ ኩሊት ክለዓል ዝኽእል እንተደኣ እቲ ባክተርያ ባዕሉ ንባዕሉ ተዘርጊሑ ከምኡ'ውን ኣብ ኩሊት ሰፊሩን ይኸውን። ዓባይ ሰዓል ኣብ ኩሊት ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ዓመታት ኮፍ ክብል ይኽእል ብዘይ ሓደ ስምዒት ሕማም ከየርኣየ። ኣብ መወዳእትኡ ግና ናይ ኩሊት ዓባይ ሰዓል ስምዒት ሕማም ይገብረልካ፡ ከም ናይ ረኽሲ ፍሕኛ ዓይነት ዝመስል። ቀጺሉ እውን ብድሕሪኡ ኩሊትካ ወይ ከኣ ፍሕኛኻ ጸገማት የጋጥሞም ብናይ እቲ ባክተርያ። ሓደ-ሓደ ግ

# 4 ክንክን

*4.1 ዓባይ ሰዓል ብግቡእ ክትከናኸና ዶ ትኽእል?*

ኩሉ ዓይነት ዓባይ ሰዓል ብመድሃኒት ገርካ ብልክዕ ክትከናኸና ትኽእል ኢኻ። (ኣብዚ ግና ክንብል ንደልዮ እንተደኣ ስምዒት ዘይብሉ ኮይኑ ንመድሃኒት፡ እቲ ክንክን እውን ሕልኽላኻት ይኸውን ብሰፊሑ)።

*4.2 ናይ ግድን ድዩ ኣብ ሆስፒታል ክኣቱ ዘሎኒ?*

መብዛሕትኡ ግዜ ኣድላይ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግና ሓደ-ሓደ ግዜ ናይ ግድን ይኸውን ኣብ ሆስፒታል ኣቲኻ ዓራት ክትሕዝ። እዚ ከኣ ኣድላይ ይኸውን ንዓኻ ነቲ መድሃኒት ብመደብ ክወሃበካ። ኣብዚ ከኣ ተሓጋጋዚ ይግበረልካ መድሃኒት ክትወስድ ከሎኻ ዝሕግዘካ። ኣብ ሆስፒታል ምእታው እውን ኣድላይ ይኸውን፡ ምኽንያቱ ንስኻ ካልእ ዓይነት ሕማም ስለ ዘሎካ። ካልእ ምኽንያት ከኸውን ዝኽእል እውን እቲ ናትካ ኣነባብራ ብቑዕ ስለ ዘይከውን ንጥዕናኻ ምምሕያሽ። ናብ ሆስፒታል ምእታው እውን ኣድላይ ይኸውን፡ ከቢድ ዓይነት ዓባይ ሰዓል ወይ ከኣ ካብኡ ዝተላዕለ ሕልኽላኽ ኣልዩዎ ኮይኑ።

*4.3 እንታይ ዓይነት መድሃኒት ኣሎ?*
ብሓደ ግዜ ዝተፈላለየ መድሃኒት ይወሃበካ። እዚ ከኣ ነቲ ባክተርያ ብዝተቐላጠፈን ብምልኡን ንምጥፋእ ዝኸውን። ብመጀመርያ እትገብሮ ክንክን ከኣ ኣርባዕተ (ሓደ-ሓደ ግዜ ከኣ ሰለስተ) ዝተፈላለየ ዓይነት መድሃኒት ይወሃበካ። ኣብዚ ብመጀመርያ እትገብሮ ክንክን ከኣ ብግምት ክልተ ወርሒ ይወስደልካ ነቶም መብዛሕትኦም ባክተርያ እውን ይቐትሎም። እቶም ዝወሓዱ ክፋል ናይቲ ባክተርያ ከኣ ንክትቐትሎም ኣጸጋሚ ይኸውን። ስለዚ ከኣ ኣብቲ ካልኣይ ዙርያ ናይቲ ክንክን እንተወሓደ ክልተ ዓይነት መድሃኒት ይወሃበካ። ሓደ-ሓደ ግዜ እቶም ሕሙማት ጽዑቐ ሓገዛት ይግርበረሎም መድሃኒት ክወስዱ ከለው።

እተን ወሰንቲ መድሃኒት (ጸረ ነፍሳት) ኣንጻር ዓባይ ሰዓል እንሆ፣
- ኢዞኒያዚደ
- ሪፋሞፒሲነ
- ፒራዚናሚደ
- ኤታምቡቶል
- ሪፊናህ (=ናይ ኢዞኒያዚደን ሪፋሞፒሲነ ብሓባር)

መብዛሕትኡ ግዜ ቫይታሚን ቢ6 (ፒሪዶክሲን) ኣብቲ መድሃኒት ይሕወስ። እንተደኣ እቲ ባክተርያ ተጻዋሪ ኮይኑ ንሓደ ወይ ከኣ ብዙሓት መድሃኒት ካብኡ ከኣ ሓደ-ሓደ ግዜ ሓደ ወይ ብዙሓት መድሃኒታት ይውሰኽ።

*4.4 ብዛዕባ ምጥቃም መድሃኒት እንታይ ክፈልጦ ይግባእ?*
- እቲ ክንክን ብውሕዱ ሽዱሽተ ሰሙን ይወስድ። ሓደ-ሓደ ግዜ እውን ናይ ግድን ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ንላዕሊ መድሃኒት ትጥቀም።
  እዚ ከኣ ካብቲ ምብርታዕ እቲ ሕማምን ስፍሓቱን ክፈላለይ ይኽእል።
  ባክተርያ ቲቢ ንክትቐትሎም ኣጸጋሚ እዩ።
  ስለዚ ከኣ እዩ ነቲ መድሃኒት መዓልታዊ ክትወስዶ ዘሎካ ከምኡ'ውን ነቲ ዝተበሃለካዮ ግዜ ብምልኡ ከምቲ እቲ ሓኪም ጽሒፉ ዝኣዘዘልካ። እንተደኣ ከምዚ ዘይገርካ እቶም ባክተርያታት ዝኾነ ዘይስምዖም (ተጻዋርነት) ይህልዎም ካብተን ዝተዋህባኻ መድሃኒታት
  ንሓደ ወይ ከኣ ካብኡ ንላዕሊ። ከምኡ እውን ብስምምዕ ነቲ መድሃኒት ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ክትወስዶ ይከኣል።
- እቲ ሕክምና ክቋረጽ የብሉን። ስለዚ ከኣ ንስኻ ብግዜ ሓድሽ መድሃኒት ክትእዝዝ ከም ዘሎካ፣ ኣስተውዕል ኣብዚ ንስኻ ነቲ ዝተኣዘዘልካ
  ዓቀን ክትወስድ ከም ዘሎካ እንተደኣ ተጠራጢርካ ምስ ነርስ ናይ ጂ.ጂ.ደ. (GGD) ከም ትራኽብ ትገብር።
- ነቲ ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ልክዕ ኣብ ግዜ ትውሕጦ። ኣብዚ ከኣ ነቲ ንዓኻ መዓልታዊ ዝጥዕመካ ግዜ ካብ ድቃስ ክትትስእ ወይ ከኣ
  ክትድቀስ ከሎኻ ወይ ከኣ ድራር ክትድረር ከሎኻ ዘሎ ግዜ ባዕልኻ ትውስን። እዚ ከኣ ንዓኻ ይቐለካ ንኽትዝክሮ። ናይ መድሃኒት ብልቓት
  እውን ኣብዚ ይኽግዘካ እዩ።
- ነቲ መድሃኒት እውን ብዝተኻእለካ መጠን ኣብ ባዶ ከብድኻ ኣይትውሓጦ። ስለዚ ከኣ ቅድሚ ነቲ መድሃኒት ምውሳድካ ዝኾነ ብላዕ።
- ነቲ ዝተዋህበካ መድሃኒት ከምቲ ዝተዋህበካ ኣብ ባኩሉ ሓዞ፡ ምእንቲ ከተለልዮም።
- ነፍሰጾር ኮንኪ ወይ ከኣ ተጥብዊ ኮንኪ ዝኾነ ዓይነት ጸገም የብልክን ነቲ መድሃኒት ክትወስዲ።
- ነቲ ዝተዋህበካ መድሃኒት ባዕልኻ ኣይትቐይሮ።
  ኣቐዲምካ ምስቲ ዝሕግዘካ ሓኪም ተረዳዳእ።
- ኣልኮላዊ መስተ ኣይትጠቐም ኣብቲ መድሃኒት እትወስደሉ ዘሎኻ ግዜ።
  እንተ ተሓዋዊሱ ከኣ ናይ ጸሊም ከብዲ ጸገም ከምጽኣልክ ይኽእል።
- ፈሳሲ ብብዝሒ ክትሰትይ ኣሎካ።
- ኣብዚ ከኣ ኣድላዪ ይኸውን ንሓኪምካ ክትነግር እንተደኣ ካልእ መድሃኒት ትወስድ ኮንካ (ንምሳለ መከላኸሊ ጥንሲ፣ መድሃኒት ናይ ልቢ፣
  ሕማም ሽኮርያ፣ መታዶን ወዘተ)። መስዚ መድሃኒት እዚ ብሓደ ኣንተ ወሲድካዮም ወይ እቲ መድሃኒት ክቕየር ኣሎዎ ወይ ድማ ጠጠው ክብል ኣሎዎ።

4.5 እንታይ እዩ ብብዝሒ ዝርኣይ ጎናዊ ሳዕቤን/ ስምዒት ሕማም?
መብዛሕትኦም ሰባት ብኣጋጣሚ በዚ ዓይነት መድሃኒት ዝኾነ ጸገም ኣየጋጥሞምን እዩ። እንተኾነ ግና ስምዒት ሕማም ከጋጥመካ ይኽእል እዩ ነቲ መድሃኒት ብምጥቃምካ። ኣብዚ እውን ብጣዕሚ ወሳኒ ይኸውን ምስ እቲ ዝከናኸነካ ሓኪም ወይ ከኣ ነርስ ነቲ ንዓኻ ዝከታተል ክት ሕብሮም።

*ብብዝሒ ዝርኣይ ስምዒት ሕማም/ ጎናዊ ሳዕቤን፣*
- *ድኻም*
- *ጸገም ቆርበት/ ሕኸኸ/ ስሓ*
- *ቀይሕ ኣራንቸኒ ሕብሪ ሽንትኻ፡ ቀልቀልካ ወይ ከኣ ረሃጽካ/ ንብዓትካ። እዚ ቀይሕ ሕብሪ እዚ ነቲ ፈኩስ ናይ ዓይኒ መረጼን ሌንስ የበላሽዎ፡ እንተኾነ ግና ካብኡ ሓሊፉ ግና ኣበሳ የብሉን።*
- *የዕገርግረካ*
- *ሕማም ከብዲ*
- *ሕማም ርእሲ*
- *ናይ መላግቦ ኣካላት ሕማም*
- *ዓይንኻ ጽልግልግ ይርኣየካ፡ ሕብሪ ተሓዋዊሱ ይርኣየካ*
- *ኣእዳውካን ኣእጋርካን ፈጥፈጥ የብለካ*
- *ኣተሓሳስባኻ ይንኪ*
- *ረኽሲ ጸላም ከብዲ*


ከምኡ'ውን እቲ ጽሑፍ ኣብቲ መድሃኒት ዘሎ ኣንብብ። እንተደኣ ካልእ ስምዒት ሕማም ኣልዩካ ኮይኑ በቲ ትጥቀመሉ መድሃኒት፡ ምስቲ ዝከናኸነካ ሓኪም ወይ ከኣ ነርስ ነቲ ዝከታተለካ ሓብሮ።

*4.6 ጽዑቐ ይስምዓኒ ኣሎ። ናይ ግድን ድዩ ነቲ መድሃኒት ክወስዶ ዘሎኒ?*
እወ! ኣብዚ ወሳኒ እዩ ንስኻ ነቲ መድሃኒት ከየቛረጽካ ክትወስዶ ከም ዘሎካ፣ ወላ እውን ጽዑቐ እንተ ተሰመዓካ። ምኽንያቱ ብዙሓት ናይ ቲቢ ባክተርያ ኣብ ኣካላትካ ንጡፋት ስለ ዘለው። ዝኾነ ዓይነት ስምዒት እውን እንተ ዘይተሰመዓካ። እቶም ባክተርያታት ከም ብሓድሽ ክባዝሑ ስለ ዝኽእሉ እንተደኣ ነቲ መድሃኒት ገዲፍካዮ። በዚ መሰረት ከኣ ንስኻ ከም ብሓድሽ ክትሓምም ስለ ትኽእል። ብድሕሪኡ ሕማም እታ ዓባይ ሰዓል ክትሓዊ ስለ ዘይትኽእል።

### 4.7 ንነኣሽቱ ቆልዑት ብኸመይ ተገይሩ እዩ ክንክን ዝግበረሎም?

ንኣሽቱ ቆልዑት ዓባይ ሰዓል ዝሓዘቶም እውን ብግቡእ ክንክን ክግበረሎም ይኽእል እዩ። ሕጻውንትን ንኣሽቱ ቆልዑትን እውን ነቲ መድሃኒት ከም ዝስተ ወይ ከኣ ዝተጣሕነ ዓይነት ይወሃቡ። እዚ ከኣ ብጸባ፣ ስብቆ ወይ ከኣ ዝብላዕ መግቢ ይሕወስ። ኣብዚ እውን ምሳኻትኩም ብሓባር እንታይ ነቲ ቆልዓ ከም ዝሓይሽ ንርእይ። እንተዷኣ እቲ ቆልዓ ስምዒት ሕማም ኣልደዎ ኮይኑ ነቲ መድሃኒት ብምውሳዱ፡ ኣብዚ እውን ብጣዕሚ ወሳኒ ይኸውን ምስ እቲ ዝከናኸን ሓኪም ወይ ከኣ ነርስ ንዕኡ ዝከታተል ክትሕብር ኣሎካ።






# 5 ግብራዊ ሓበሬታ

### 5.1 ሕቶ ኣሎካ ዶ?

ምስ እቲ ዝከናኸነካ ሓኪም ወይ ከኣ ተሓጋጋዚ ነርስ ነቲ ንዓኻ ዝከታተል ክትሕብሮም ኣሎካ፤


- መድሃኒት ብምጥቃም ዝኾነ ስምዒት ሕማም ተሰሚዑካ
- በቲ ክንክን ጸገም ኣጋጢምካ
- እንተዷኣ ተጠራጢርካ እቲ መድሃኒት ንሱ ኮይኑ
- ብዛዕባ ዓባይ ሰዓል ሕቶ ኣልዩካ

### 5.2 ናይ ኸ.ኸ.ዷ. ክፍሊ ምክልኻል ዓባይ ሰዓል እንታይ ይገብሩ?

እቲ ንዓኻ ዝከታተል ሓኪም (ብሕጊ) ይግደድ ንናይ ኸ.ኸ.ዷ. ሓኪም ከምኡ'ውን ነርስ ክሕብር ብዛዕባ እቲ ኩነት ንስኻ ዓባይ ሰዓል ከምዘለትካ።
ኸ.ኸ.ዷ. (ክፍሊ ምክልኻል ዓባይ ሰዓል) ንሰባት ይከታተልን ይከናኸንን ነቲ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘላቶም። ከምኡ'ውን እቶም ሰባት ናይ ኸ.ኸ.ዷ. ንዝተለብዑ ሰባት ዷልዩ ይከታተል። እዚ ከኣ መርመራ ምስ እትራኸቦም ተባሂሉ ይጽዋዕ።
ከምኡ እውን ኸ.ኸ.ዷ. ንቆልዑት ክታበት ይህብ፡ ነቶም ዝምልከቶም ን በ.ሰ.ኸ. (ክታበት ኣንጻር ዓባይ ሰዓል)። ተጎዓዝቲ ናብ ሃገራት ብዙሕ ዓባይ ሰዓል ዝርከበን ሃገራት እውን መርመራ ክገብሩ ይኽእሉ ን ቲቢ ወይ ከኣ ቢ.ሰ.ኸ. ክታበት ክወስዱ (እቲ ጽሑፍ ዓባይ ሰዓል፡ ጉዕዞ ናብ ምብራቕ ኤውሮጳ፣ ኣፍሪቃ፣ ኣስያ፣ ማእከላይ ወይ ከኣ ዷቡብ ኣሜሪካን) ዝብል ተመልከት።

### 5.3 ማሕበራዊ ነርስታት ናይ ኸ.ኸ.ዷ. (GGD) እንታይ ይገብሩ?

እቲ መርመራ ሕክምና "ዓባይ ሰዓል" ዝብል ንብዙሓት ሰባት የጨንቖም እዩ። ነዚ ከኣ ኣገዳሲ እዩ ብቅንዕና ምትሕግጋዝ ንብል። እዚ ዓይነት ምትሕግጋዝ ከኣ ብማሕበራዊ ነርስ ናይ ኸ.ኸ.ዷ. እዩ ዝካየድ። እቶም ማሕበራዊ ነርስታት እውን ቀልጢፎም እዮም ናብ ገዛኻ ወይ ሆስፒታል ዝመጹ። ንሳቶም ከኣ ዝርዝር ሓበሬታ ይህቡ ብዛዕባ ሕማም ዓባይ ሰዓል። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ይተሓጋገዙኻ። መብዛሕትኡ ግዜ መዓልታዊ ይኸውን፡ ወይ ከኣ ከም ቆጸራኻ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ይረኽቡኻ ኣብዚ ከኣ ነቲ መድሃኒት ካብ ማሕበራዊ ነርስ ወይ ከኣ ካልኦት ተሓጋገዝቲ ይወሃበካ። መብዛሕትኡ ግዜ እውን ብተዷጋጋሚ ናብ ኸ.ኸ.ዷ. ትመላለስ፡ በዚ መሰረት ከኣ ሓገዝ ይወሃበካ ነቲ መድሃኒት ክትወስድ (DOT= ቀጥታ ብተዓዛቢ ሕክምና)። ኣብ ርእሲኡ እውን ንሳቶም ይሓቱኻ ምስ መን ብዙሕ ርክብ ከም ዝነበረካ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ።




እንተደኣ ሓደ ሰብ ናይ ሳንቡእ ዓባይ ሰዓል ኣልያቶ ተባሂሉ፡ ናይ ግድን ኩሉ ግዜ መርመራ ምስ እትራኸቦም የድልይ። ነዚ ንምውሳን መን ይምርመር ወይ መን ኣይምርመርን ንምፍላጥ፡ እቶም ማሕበራዊ ነርስታት ብሓባር ምሳኻ ኮይኖም ዝርዝር ኣስማት የዳልዉ። መብዛሕትኡ ግዜ እውን ካብቶም ቀረባ ሰባት ናትካ ዘለው ይጅምሩ፡ ምስቶም ንስኻ ጽዑቕ ርክብ ዘሎካ ሰባት። እንተደኣ ኣብዚ ሓደ ዝተለብዐ ሰብ ተረኺቡ፡ እቲ መርመራ ይሰፍሕ። ኣብ ርእሲኡ እውን ይፍትሹ ንስኻ ካብ መን እቲ ሕማም እቲ ከም ዘጠርኻዮ ንምፍላጥ። እዚ ከኣ ምንጪ መርመራ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እንተደኣ ንስኻ (ወይ ቆልዓኻ) ነቲ ሕማም ዘይተመሓላለፍ ኮንካ፡ ኣድላይ ኮይኑ ንረኽቦ ንሰባት ኣብ ከባቢኻ ንኽንምርምር ። ኣብዚ ከኣ ንዕዘቦ፡ ካልኦት ሰባት ከ ተለቢዖም ድዮም ኢልና ንምፍላጥ። ኸ.ኸ.ደ. ነቲ ናትካ እንታይነት ብሚስጢር እዮም ዝሕዝዎ።

KNCV TUBERCULOSISFOUNDATION

To eliminate TB

www.tuberculose.nl

The Hague, The Netherlands

PatientTig 11-2017